


# ዕንቅፋት ቃልሲ ብሩህ መጻኢ ናይ ውሽጢ ጸላእቲ አዮም።

ብዛዕባ ምቁራጽ ዑደት መምህር በየነ (ውፉይ) ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ንብዙሓት ኣባላት ብሩህ መጻኢን፡ ተዓዘብትን ፡ ኣገሪሙን ፡ ኣሰንቢዱን እዩ ። ውፉይ ኣብተን ሓሙሽተ ከተማታት ካናዳ ዘካየዶ ዑደት ብዝነኣድን፡ ዝድነቕን ኩነታት ዛዚሙዎ ። ብተመሳሳሊ መንገዲ ከኣ፡ ኣብ ኣርባዕተ ከተማታት ሰምዬን ኣመሪካ ዑደት ንኸካየድ ተመዲቡ ኔሩ ፡ እንተኾነ ግን፡ እቲ ናይ ሰሜን ኣመሪካ ዑደቱ ፡ ብሃንደበታዊ ትእዛዝ መሪሕነት ብሩህ መጻኢ ተቛሪጹ ። ምቁራጽ ናይ'ቲ ዑደት ከኣ ብዙሕ ክሳራታት ፡ ከም በዓል ምስራዝ ምክራይ አደራሻትን፡ ምግዛእ ናይ ነፋሪት ቲከትን፡ ካሊእ ምቅርራባትን፡ ኣኸቲሉ ። ካሊእ ዘስዓቦ ዓቢ ሕቶ ከኣ፡ መሪሕነት ብሩህ መጻኢ ንውፉይ ናብ ካናዳን፡ ሰምዬን ኣመሪካን ዑደት ንኽካይድ ምስ ፈቐዱሉ ፡ ነቲ ዑደቱ ከኣ፡ ኣብ ወብሳይቶም ገሊጾምዎ ክነሶም፡ ባዕሎም ነቲ መደብ ዑደት ክስርዙዎ ከሎዉ፡ ብዙሕ ሕቶታት ስለ ዘኸተለ ፡ ዘይምርድዳእን፡ ምስሕሓብን ብምፍጣሩ፡ ነቲ ቃልሲ ህዝቢ ንድሕሪት ክጎትቶ ከምዝኽእል ኣሚቶም ነቲ ጌጋ ውሳኔ ክቑጠቡሉ ኔሩዎም ።

ነዚ ሃንደበታዊን፡ ዘይሓላፍነታውን ውሳኔ እቲ መሪሕነት ክፍጽሞ ከሎ፡ ውፉይ እምቢ ኣይምለስን ፡ እንተዝብል ነቲ ቃልሲ ብሩህ  መጻኢ ፋሕ ብትን መእተወሉ ኔሩ። እንተኾነ ግን ዉፉይ ፡ ለባምን ፡ መስታውዓሊን ሰብ ብምዃኑ ፡ ነቲ ከኸትሎ ዝኽእል ሳዕበናት ገምጊሙ ኣይተጻገየን ። ስለ'ዚ እቶም ኣለምቲ ናይቲ ዕንቅፋትን ነቲ ውዲቶም ኣይተዓወቱሉን ። ውፉይ በቲ ኣብ ዑደት ካናዳ ዘርኣዮ ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ምብርባርን ፡ ምንቅቓሕን፡ ምትብባዕን፡ ምውዳብን ፍሉይ ብቕዓቱ ፡ንብዙሕ ሰብ ኣሓጉሱን ፡ኣደኒቑን እዩ።  ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ከምኡ ዝኣመሰለ ፍሉይ ተኽእሎታት ዘሎዎ ውልቀ-ሰብ ብምርካብ ዓቢ ጸጋ እዩ ፡ ኣብ ደንበ ተቓውሞ ኤርትራ ንብዙሕ ዓመታት ክርኤ ዝጸንሔን ጌና፡ ሕጂ'ውን ዝርኤ ዘሎን ዓቢ ብድሆ ፡ንሓፋሽ ንህዝቢ ኤርትራ ኣረዲእካን ፡ ኣእሚንካ ፡ ናብ ዓውዲ ቃልሲ ኣምጺእካ ንከተሳትፎ አዩ።ስለ'ዚ ውፉይ ኣብ'ቲ ዘካየዶ ሰሚናራት ካናዳ ፡ ዝሳተፍ ዝነበረ ብዝሒ ህዝቢ ኣደራሻት መሊኡ ፡ ሰድያታት ተሳኢኑ ፡ጠጠው ዝበሉን፡ ኣብ ደገ ኮይኖም ዝርእዩ ዝነበሩን ዕዱማት፡ ቁጽሮም ውሑድ ኣይነበረን ።

ስለ'ዚ ፡ መሪሕነት ብሩህ መጻኢ ነቲ ናይ ውፉይ ዑደት ክስርዙዎ ከሎዉ፡ ቀዳማይ ሳዕበናቱ ፡ ነቲ ቃልሲ ህዝቢ ንድሕሪት ምጉታት ክኸውን ከሎ፡ ከምኡ'ውን ክሕሰበሉ ዝነበሮ ዓቢ ነጥቢ፡ ነቶም ብምሉእ ሕልንኦም ዝቃለሱን፡ ዝቔስሉን፡ ዝስንክሉን፡ ዝሞቱን ዘሎው መንእሰያት ኤርትራ፡ ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ ዝግባእ ክብሪ'ውን ሂብካ ፡ ካብ ምፍጻም'ቲ ዓቢ ጊጋ ምቑጣብ ይግባእ ኔሩ። ካሊእ ዘስዓቦ ጉድኣት ከኣ፡ እቶም ናይ ስራሕ ብኩራትን ፡ ክስራ ናይ ዝተሰረዘ  ውዑል፡ ክራይ ኣደራሻትን፡ ናይ ነፋሪት ቲከት ክሳራታትን ዘጋጠሞም ሰባት ክኸውን ከሎ፡ ብተወሳኺ ከኣ፡ ናይ መንግስቲ ኣመሪካ እስተይት ደፓርትመንት(US state department appointment)ተታሒዙ ዝነበረ ቆጸራ ምስራዙን እዩ።

ብዙሓት ዓበይቲ ዓድን፡ለባማትን ከአ፡ ነቲ ብዙሕ ሳዕበናት ከምጽእ ዝኽእል ዝተፈጸመ ተግባር፡ ብምግንዛብ  ነቲ ዝተፈጸመ ግጉይ ውሳኔ መሪሕነት ብሩህ መጻኢ፡ ዳግማይ ርእይቶ ክገብሩሉ ሓቲቶምዎም ኔሮም ። መሪሕነት ብሩህ መጻኢ ግን መልሲ ክህበሉ ኣይመረጸን።

ብቀዳምነት ክሕሰበሉ ዝነበረ ዓቢ ነጥቢ ከኣ፡ ወዮ ደኣ፡ እቲ ንቡር ከም ዘይንቡር፡ እቲ ዘይንቡር ከኣ ከም ንቡር ዝውሰደሉ ዘሎ ግዜ ኢና ዘሎና'ምበር፡ መሪሕነት ብሩህ መጻኢ እቲ ዘካይዶ ዘሎ ቃልሲ፡ ቃልስ 'ታ ብዙሕ መስዋእትን ፡ ሰንክልናን ዝተኸፍለላ ሃገር ኮይኑ፡ ኣንጻር ሓደ ክንዲ እምባ ዝኣክል ናይ ሓባር ጸላኢ ገጢምና ከሎና እቲ ቃልሲ ጥምጥም ከኣ ብዙሕ ጥንቃቐን ውሕልናን ዘድልዮ ቃልሲ ምበር ናይ ውልቀ-ሰባት፡ ህልኽን፡ ውድድርን ዝካየደሉ ሜዳ ኣይኮነን።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ሃገርና ኣብ ገምገም ጸድፊ ተንጠልጢላ ስለ ዘላ ፡ ኣብ መንጎና ዝኾነ ዓይነት ዘይምርድዳእን፡ ምስሕሓብን፡ ዘይምቅድዳውን ምስ ዝፍጠር፡ ኣብ ሕልናና ተደሪኽና፡ ቀንዲ ዓላማና ብዛዕባ ድሕነት ሃገርና ክኸውን ኣሎዎ። እወ እቲ ዓላማ ድምር ናይ ኩሎም ዓላማታት እዩ።

ካብኡ ቀጺሉ ከኣ ፡ መሪሕነት ብሩህ መጻኢ፡ እቲ ውፉይ ክምለስ ዝተደልየሉ ምኽንያታት እንታይ እዩ ተባሂሎም ምስ ተሓተቱ ዝሃቡዎ መልሲ ከም‘ዚ ዝስዕብ እዩ ኔሩ ፡ ቀዳማይ ብዛዕባ ጸጥታ ናይ ውፉይ ዝምልከት እዩ ኔሩ ፡ እቲ ካልኣይ ምኽንያት ከኣ፡ ብዛዕባ ገንዘብ ዝምልከት እዩ ኔሩ። ብዛዕባ ጸጥታ ናይ ውፉይ ዝምልከት ስክፍታ ንምምላስ ፡ ሻዕብያ ኣይከነንዶ ንክንዲ ውፉይ ዝኣክል ብዙሕ ጽልዋ ከሕድር ዝኽእል ካድረስ፡ ናይ ማንም ኤርትራዊ ህይወት ቅንጸላ’ውን ብቀሊሉ ስለ ዝወስዶ ፡ ንውፉይ፡ ናይ ጸጥታ ሓለዋ ክግበረሉ ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ፡ እንተኾነ ግን፡ ብዛዕባ ኣፈጻጽምኡ ነተን ዓደምቲ ከተማታትን፡ ንውፉይን እዩ ዝምልከት። ብዛዕባ ናይ ገንዘብ ዝምልከት ሕቶ ንምምላስ ከኣ፡ ካብ መጀመርታ፡ ጉዕዞ መደብ ውፉይ ዝተቐየረ ነገር ስለ ዘይሃለዎ፡ ናይ ገንዘብ ሽግር፡ ኣይነበረን ፡ እንተዝህሉ’ውን ናብ‘ተን ዓደምቲ ከተማታት መቕረብዎ’ሞ እተን ከተማታት ባዕለን ምዓመምኦ ኔረን ።

ኣገዳሲ ለበዋ

ኣብ ‘ዚ ዝከየድ ዘሎ መድረኽ ቃልሲ ብሩህ መጻኢን፡ ብርጌድ ንሓመዱን እቲ ናይ ቃልሲ ማዕበል ኩነታት፡ እናሓየለን ኣናማዕበለን ኣብ ዝኸደሉ ግዜ፡ ተዓጻጻፊ ውጺኢታት ናይ‘ቲ ቃልሱ እናሓፈሰ ኣብ ዝኸደሉ እዋን፡ ካብ ወጻኢ ዘይኮነስ፡ ካብ ውሽጥ’ቲ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ፡ ብዙሕ ተጻብኦታት፡ ጐሊሒ ይርኤ ኣሎ። ከምኡ ክኾነሉ ዝኸኣለ ምኽንያት ከኣ፡ ናይ ህግደፍ ኢድ ተኣታታውነት ዘሎዎ እዩ ዝመስል ኢሎም ዝሓስቡ ሰባት ቁጽሮም ውሑድ ኣይኮነን። ንኣብነት እቲ ኣብ ዓዲ ጀርመን ዘጋጠመ፡ ናይ ብርጌድ ንሓመዱ ፡ ኣዝዩ ዘነውርን፡ ዘሕፍርን ዕንቅፋት ፡ ኣብ ልዕሊ’ቲ ቃልሲ ህዝቢ ብዙሕ ዕንቅፋት ፈጺሙ እዩ ። ቁንዲ መበገሲኡ ከኣ ፡ ኣብ ድሕሪ ወገንን ፡ቀቢላን ተሓቢኦም ፡ ዝንቀሳቐሱ ዝነበሩ ሰባት ፡ ቁጽሮም ደኣ ኣይብዛሕ’ምበር ምንባሮም ግን “እጅ - በፍንጅ ፡ ጫብጥታት ከም ዝተረኽበሎም ተገሊጹ እዩ ። ነቲ ዘሕፍር ተግባራት ክፍጽሙ ከሎዉ ከኣ ብዛዕባ ከምጽኦ ዝኽእል ጉድኣት ከይሓሰቡ ፡ ንኻልኦት ደቂ ገርሂ-ልባ ብተንኮል ብምልዕዓል ከም ዘሳተፉዎም ተጠቒሱ እዩ። ስለ’ዚ እቲ ቃልሲ ህዝቢ መታን ንኽዕወት፡ እቶም ብገርሆም ዝተለከሙ መንእሰያት ነቶም መጋገይቲ ውልቀ-ሰባት ኣላልዮም ከኽሽሕዎም ይግባእ።

እቶም ኣዝዮም በላሕትን፡ ንቑሓትን፡ ውፉያትን ዝበሃሉ መንእሰያት ኤርትራ ፡ ኣብ ብሩህ መጻኢን፡ ብርጌድ ንሓመዱን ተሰሊፎም፡ ዕዉት ቃልሲ ዘካይዱ ዘሎዉ እዮም ። ነቲ መሰረታዊ ጠንቂ ናይ‘ቲ ን 50 ዓመታት ዛኣክል ኣብ ደንበ ተቓውሞ ዕንክሊል ከብለና ዝጸንሔ ምኽንያት ከኣ፡ ናይ ውልቀ-መላኺ ኢሳያስ ኣፈዎርቂ ሽርሕታትን፡ ተንኮላትን፡ ትምክሕትን፡ ምኻኑ፡ ብንጹር ኣለልዮም ብምርዳእ፡ ነቶም ጌና ዘይተረዳኣና ፡ ከረድኡ ብዙሕ ጻዕሪ ዘካይዱ ዘሎዉ ሰባት እዮም። ኣብ መንጎኦም ከኣ ክሳዕ መራሒ ሃገር ክኾኑ ዘኽእል ብቕዓት ዘሎዎም ብዙሓት ብሉጻት ኣባላት ኣሎዉዎም ። ስለ’ዚ ነፍሲ- ወከፍ መንእሰይ ኣባል ብሩህ መጻኢን፡ ብርጌድ ንሓመዱን፡ ካብ ኩሉ ዓይነት ስምዒታትን፡ ዝምባሌታትን ነጻ ኮይኑ፡ ነቶም መጋበርያ ናይ ህግደፍ ኮይኖም ንሰብ ዘጋግዩ ዘሎዉ ውልቀ ሰባት፡ ክነቕሑሎም ይግባእ። ከምኡ ከኣ፡ ነቶም ተሓቢኦም ፡ ሰብን፡ እግዚኣብሄርን ዘይፈትዎ እከይ ስራሓት ዝሰርሑ ዘሎዉ፡ መጋገይቲ ኣረጋውያን ንምቅላዕ ከኣ ድሕር ክብሉ የብሎምን።

ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ከኣ፡ ሕጂስ ይኣክል ኢሉ “Enough is Enough” ህልዊ ፖሊቲካዊ ኩነታት ኤርትራ ኣብ ኣዝዩ ዘስግእን ፡ ዘሰክፍን ኩነታት ይርከብ ከም ዘሎ ኣሚኑ፡ ቀንዲ ራኢኡን ፡ ዓላምኡን ፡ ኣብ ኤርትራ ለውጢ መንግስቲ ንምምጻእ ክኸውን ኣሎዎ ። ብኣንጻሩ ከኣ መድረኽ ቃልሲ ምንቅስቓስ መንእሰያት ኤርትራ ኣብ ኣዝዩ ዘሕጉስን፡ ተስፋ ዝህብን፡ ዘተባብዕን፡ ኩነታት ስለ ዘሎ፡ ንሕና እቶም ዓበይቲ ፡ ክፋል ስነ - ህዝባዊ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ከኣ ፡ ሃየ ብገንዘብን፡ ንዋትን፡ ሓሳባትን ፡ ምኽርን ሽነኻት፡ ንሓግዞምን፡ ነተባብዓዮምን ።

ቃልሲ ብሩህ መጻኢ ከኣ ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ናይ ዘይምርድዳእ መንፈስ ኣሪሙ ፡ ዘላቒ ዕርቂ ኣብ መንጎ ውፉይን፡ መሪሕነት ብሩህ መጻኢን ኣምጺኡ ፡ ውፉይ ከኣ፡ ነቲ ኣቋሪጹዎ ዘሎ ናይ ሰሜን ኣመሪካ ዑደቱ ክቕጽሎ ይግባእ ።

ቃልሲ ብሩህ  መጻኢ፡ ናይ ግድን ክዕወት እዩ ።

ኤርትራ ሃገርና ፡ ንዘለዓለም ተኸቢራን፡ ተሓፊራን ትንበር።

ዘለዓለማዊ ዝኽርን፡ ሞገስን፡ ንስውኣትና ።

በርሀ ደስታ ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ።

የካቲት 20, 2024.